# ስርዓት ኣስመራ፡ ኣብ ልዕሊ ዶብ ክሰግሩ ዝፈተኑ ወተሃደራቱ ተኾሲ ከፊቱ

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
31.01.2009

ብዕለት 16.01.2009 ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣምሊጦም ናብ ሱዳን ክሰግሩ ዝፈተኑ ወተሃደራት'ቲ ስርዓት፡ ኣብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን ዝርከብ ሰራራት ኣብ እተባህለ ቦታ ምስ በጽሑ ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ልዕሊኦም ተኾሲ ከምዝተኸፍተ፡ ጸጎም ግርማይ ተስፋይ እተባህለ ካብ'ቲ ተኹሲ ብህይወቱ ክወጽእ ዝኸኣለ ኣባል ሰራዊት ኤርትራ ገሊጹ።

ኣባል ስርሒት ሰለስተ ዝኾኑ ጸጎም ግርማይ፡ ኣብ እግሩ ተወቒዑ እንከሎ'ዩ ከምልጥ ከምዝኸኣለን፤ እቶም ምስኡ ዝነበሩ ግን፡ ተበታቲኖም መን መይቱ መን ተታሒዙ ዝፈልጦ ነገር ከም ዘይብሉን ንምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ቲ ከባቢ ሓቢሩ።